# ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ጎረባብቱን

ሓደ ህዝባዊ ቃልሲ ናይ ምዕዋቱ ወሳኒ ግደ "ውሽጥጣዊ ትሕዝትኡ ኢዩ።" ዝብል ኣበሃህላ ሓቂ እኳ እንተኾነ፥ ምቹእ ግዳማዊ ኩነታት ምስ ዘየጋጥም እቲ ቃልሲ ዝዳኸም ምኳኑ ካብ ታሪኽ ክንመሃር ንኽእል። ብፍላይ ጎረባብቲ ሃገራት ነቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መቃለሲ ባይታ ምስ ዝነፍጋኦ ብርግጽ እቲ ቃልሲ ዕንቅፋት ከጋጥሞ ይኽእል።

ምልስ ኢልና ናብ ብረታዊ ቃልስና ምስ እንዝክር፥ ሱዳን መቃለሲ ባይታ ወይ ኣፍደገ ተዘይትኸፍተልና፥ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣይምተዓወትን ዝብሉ ኣለው። ርግጽ ኢዩ። ብረት ብሱዳን እንተዘይኣቱ፥ መድሃኒት ብሱዳን እንተዘይኣቱ፥ እኽሊ'ውን ብሱዳን እንተዘይኣቱ፥ ከመይ ጌርካ ንጸላኢ ክትቃለሶ ትኽእል?
እሞ መን'ዩ ብመትከል ምሳና ጠጠው ዝበለ? ህዝቢ ሱዳን ወይስ መንግስታት ሱዳን? ሓደ መንግስቲ ኣብ ስልጣን ይድይብ ኣብ ግዜኡ ድማ ይወርድ። ብኻሊእ ድማ ይትካእ። ሓደ ህዝቢ ግን ነባሪ ኢዩ። ኣነ ብወገነይ ካብ ተመክሮ ከም ዝተምሃርክዎ፥ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፥ መንግስቲ ሱዳን ዝነበሮ መርገጺ ተለዋዋጢ ኢዩ። ፕረሲደንት ነበር ጃዕፈር ኒመሪ ምስ ሃይለስላሴ ይኹን ምስ መንግስቱ ሃይለማሪያም ጽቡቕ ዝምድና ኣብ ዝገበረሉ ግዜ እቲ ዝነበረ ኣብያተ ጽሕፈታት ውድባት ኤርትራ ይዕጾ። ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ብፍላይ ድማ ኣብ ካርቱም ይግፈፉ ከምዝነበሩ። እቲ ህዝቢ ግን ከም ህዝቢ መጠን ምስቲ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ይርህርህን ይተሓባበርን ከም ዝነበረ ዘይከሓድ ኢዩ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ ወዮ ድኣ ስርዓት ህግደፍ ጠገለ ዘይብሉ ኰይኑዎም፥ ስጋብ ኣብ ቅድሚ ዓለም ናይ ኢምባሲኦም መፋትሕ ኣሕዲጉ ንተቓወምቶም ምሃብ፥ ቅጺሉ'ውን "ኣብ ካርቱም ዘሎ ስርዓት ገልቢጥና ብኻሊእ ክንትክኦ ኢና " ብምባል ካብኡ ሓሊፉ'ውን ዶብ ሱዳን ጢሒሱ ውግኣት ስለ ዝኸፈተሎም፥ እንተዘይኰኑ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ተሪር መረጺ ክህልዎ ብጣዕሚ ኢዩ ዘጣራጥር። ማዓለሽ! እንተበሎም፥ ማዓለሽ ይኸውን'ሞ እቲ ቃልሲ እንታይ ክኸውን ኢዩ? ትብል።

እዚ ከብለኒ ዝኸኣለ ካብ ባዶ ተበጊሰ ኣይኰንኩን። እዚ ለማቕነ ናይ መራኸቢ ማዕከናት ቦታ ሒዙ ዘሎ "ትሓድሶ ዝምድና ሱዳንን ኤርትራን " ኢዩ። ክልተ ሃገራት ንሰላምን ዕርቅን ክዛመዳ ጽቡቕ ኢዩ። ግን ከኣ ጽቡቕ ዝምድና ስርዓት ህግደፍ ምስ ሱዳን እንታይ ሳዕቤን ክህልዎ ኢዩ? ኢልካ ምሕታት ድማ የድሊ። ልክዕ ከምቲ ብግዜ ብረታዊ ቃልስና ጽቡቕ ዝምድና ሱዳን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ (ጸላኢትና ኣብቲ ግዜቲ) ኣሉታዊ ሳዕቤናት ዝነበሮ ኣብ ውድባት ኤርትራ፥ ሕጂ'ውን ካብኡ ዝፍለ ኣይኰነን። ብፍላይ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ኣቶ ላም ኣኮል ብመንጽር ዝካየድ ዘሎ ናይ ሱዳን ዝምድና ምስ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዝወርድ ሳዕቤን ተሓቲቱ፥ እቲ ዝሃቦ መልሲ ማለት "ንኹሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብረቶም ኣሕዲግና ናብ ማዓስከራት ስደተኛታት ከነእትዎም ኢና " ስለ ዝበለ እዚ ንሜላ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ዘሰክፍ ኣበሃህላ ኢዩ።

ኢትዮጵያ'ኸ? ኢትዮጵያ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ብረታዊ ቃልስና ከም ጎረበት ሃገር ዘይኰነት ከም ሓንቲ ጸላኢት ሃገር ኢያ ትቑጸር ነይራ። ከም ሓንቲ ጎረቤት ሃገር ብመንጽር ቃልስና ክንፈርዳ እንተኾኑ ሎሚ ኢዩ። ወዮ ድኣ ሓቂ እንተ ተዛረብና ከም ደገፍቲ ኢትዮጵያ እናተቈጸርና'ምበር፥ ሓቂ ንምዝራብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ዘለዎ ኣረኣእያ ንጹርን ጽኑዕን ኢዩ። እዚ ድማ ንዓና ከም ተቓወምቲ ስርዓት ህግደፍ መጠን ኣዎንታዊ'ምበር ኣሉታዊ ኣይኰነን። ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ካብ ነብሶም ሕምቀት ተዘይኰኑ፥ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስርዓት ኣስመራ ንምቕያር፥ ኣብ ቦትኡ ዝሓሸን ፍትሓውን ስርዓት ንምትካእ፥ ከም ጎረቤት ሃገር መጠን ዝኣክል ሓገዝ ንምውፋይ ድሕር ከም ዘይብል ብሩህ ኢዩ። ስጋብ ሕጂ'ውን ብጀካ እቲ ዕቡድ መራሒ ስርዓት ህግደፍ ዝወለዮ ኵናትን ሳዕቤናቱን እንተዘይኰይኑ፥ ኢህኣድግ ብፍላይ ከኣ ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ ዝወሰዶ መትከላዊ መርገጽን፥ ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብ ተፈላጥነት ሃገረ ኤርትራ ዘበርከቶ ኣስተዋጽኦን ታሪኽ ዝዝክሮ ኢዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ኣብዚ እዋን'ዚ መንግስቲ ኢህኣደግ ብሸነኽ ተቓወምቲ ኢትዮጵያውያን ዘጋጥሞ ዘሎ ሽግር እውን ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ምኳኑ ማንም ኣይኽሕዶን። ብሸነኽ ኤርትራ ነዚ ሓቅነት'ዚ ዘይኣምኑ ተቓወምቲ ባእታታትን ጉጅለታትን ምህላወም ግን ብጣዕሚ ዘሕዝን ኢዩ።

በዚ ኰይኑ በቲ ግን "ኣብ ክልተ ወገን ሓዊ እጐድ'ሞ ኣብ ዝሞቔካ ትስሕን" ከም ዝበሃል፥ ዳርጋ ዝበዝሓ ተቓወምቲ ውድባትናን ሰልፍታትናን ኣብ ኢትዮጵያ መቃለሲ ባይታ ምህላወን ዘተኣማምን ኢዩ።

"ሱዳን ድላያ ትግበር"እኳ እንተዘይበልና፥ ከይደቀስና ግን ኣይንሓድርን። በዚ ምኽንያት'ዚ ኢና ድማ "ኣብ ኢትዮጵያ ኰንካ ምቅላስ ቅኑዕ ስትራተጂ ኢዩ" ዝበልናዮ።

ካሊእ ኣብዚ ክጠቕሶ ዝደሊ፥ ስርዓት ህግደፍ ዝወቕዮ ዘሎ ናይ ኵናት ነጋሪት ኢዩ። እቲ ቀንዲ ክልዓል ዘለዎ ሕቶ ስርዓት ህግደፍ ሕጂ'ኸ ዳግመ ኵናት ክጅምር ድዩ? ኢዩ። ኣነ ከም ዝመስለኒ ስርዓት ህግደፍ ኣብዚ እዋን'ዚ ከምዚ ዘለዎ ክዋጋእ ኣይኽእልን ኢዩ፥ ኢየ ዝብል። ብዘሎ ኩነታት ክንመዝኖ እንተኾይና፥ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት ስርዓት ህግደፍ ብወተሃደራዊ ሸነኽ ጥራይ ኣይኮነን ተዳኺሙ። ብፖለቲካውን ቁጠባውን መዳያት'ውን ኣዝዩ ኢዩ ተዳኺሙ። ኣየናይ ኤርትራዊ ወተሃደር ኢዩ ሎሚ ጠጠው ኢሉ ክዋግኣሉ ዝኽእል? ክዋግኡ ዝግብኦም ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ንኢትዮጵያን ሱዳንን ይሃድሙ ኣለው። ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ዝቐረባ ግዜ ጀነራላቱ ከይተረፉ ኣግሂዶም "ክንዋጋእ ኣይንኽእልን" ከም ዝበልዎ ይዝረብ። ኣብ ውሽጢ'ውን ካብ ህዝቢ ድጋፍ ሲኢኑ ብጀካ ምእሳር ካሊእ ስራሕ ዘይብሉ ስርዓት፥ ካብ ዓለም ተነጺሉ፥ ከሲሩ ኢዩ። ብቑጠባዊ ሸነኻት'ሞ ኣይዝረብን። እታ ሓንቲ ዝጽበያ መፍትሒ ካብ ሕብረተሰብ ዓለም ብፍላይ ከኣ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ሓደ ቈልዓት ካብ ስድርኡ ሓደ ነገር ብሰላማዊ መንገዲ ምስ ዘይረኽቦ ዘዕገርግር፥ ኣቶ ኢሳያስ እውን ከምኡ ኢዩ። ሓያላት መንግስታት ከም በዓል ኣሜሪካ ድማ ንኢትዮጵያ ከም ሓንቲ ቀንዲ ጸረ ሽበራ ስለ ዝኾነት ክሕግዛኣ ኣንተዘይኮይኑ ተጽዕኖ ክገብራላ ኣይደልያን። ኢትዮጵያ'ውን ናይ ብሓቂ ይኹን ኣይኹን "እቲ ናይ ዶብ ውሳኔ ብመትከል ተቐቢለዮ ኣሎኹ፥ ግን ኣብ ምትግባሩ ዘተ ንግበር " ስለ ዝበለት ዳርጋ ብኹለን ሃገራት ተቐባልነት ኣለዎ።

እቲ ሕቶ ሕጂ'ውን ብርግጽ እቲ ሽግርና ሽግር ናይ ባድመ ድዩ? ኣቶ ኢሳያስ ዘዕገርግር ዘሎ ሕቶ ናይ ልዕላውነት ዓጢጥዎ ድዩ? ሓቂ ክንዛረብ እንተኾይኑ ካብ ባድመ ዝሰፍሐን ዝለምዐን መሬት ንኢትዮጵያ'ዶ ኣይተዋህበን'ዩ? ዕድመ ልክያም ምስኡ ዝተቓለሱ "ባድመ ንኢትዮጵያ ንሃባ" ስለ ዝበሉ ድዮም? "ስልጣን ናብ ህዝቢ ነረክብ" ስለ ዝበሉ'ዶ ኣይኮነን?

ለማቕነ ገዛ ገዛ እናዞርካ፥ ኣብ ፈቐዳ እንዳሓዘን እናኸድካ፥ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ሃገር ፈረንሳ ክግበር ወርቓቕቲ ክፍረም ቀኒዩ። እቲ ዓላማ'ኳ "ባድመ ንምምላስ " ዝብል ሽፋን እንተለዎ፥ ሰላማዊ ሰልፊ ጌርካ ኣይገበርካ ዝመጽእ ለውጢ የለን። እቲ ዘገርም ግን፥  ስርዓት ኣቶ ኢሳያስ ንሰላም ዝተሰለፉ ዓቃብ ሰላም ናይ ሕቡራት መንግስታት ወተሃደራት ምንቅስቓስ ይኸልእ። ለዋሃት ኣሓትናን ኣሕዋትናን ድማ ንባይቶ ሕቡራት ኤውሮጳ ኣቤት ክብሉ ይደኽሙ? ስርዓት ህግደፍ ዝገብሮ ካሊእ፥ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ዝብልዎ ካሊእ።

ኣሕ! ወዮ ድኣ ሕማቓት ኰይና'ምበር ኽኸውን ዝነበሮ፥ ኩሉና ሓቢርና  ብዘይ ገለ ገበን ተኣሲሮም ንዘለው፥ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ከነፍትሕ ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብር ይግባኣና። ንኹሎም ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን መራሕቲ፥ ጋዜጠኛታት፥ ተምሃሮ፥ ሸማግለታት ክፍትሑ ከምዘለዎም። ናይ ምጽሓፍን ምዝራብን ምእካብን ሃይማኖትን መሰላት ሓቢርና ክንቃለስ ይግብኣና። ሕብረተሰብ ዓለም'ውን ምደገፈና። ከም ሓደ ምዕቡል ሕብረተሰብ፥ ህዝብና ብማዕረ ክነብረሉ ዝኽእል ሓደ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ስርዓት ክንተክል ምተገባኣና። ንውልድ ወለዶ'ውን ታሪኽ ምገደፍና። ነዛ ንእሽቶ ቁሸት ባድመ እዝኹሉ ሰላማዊ ሰልፊ ክትገብሩላ፥ ነዞም ኩሎም ኣሽሓት ኣቦታትኩምን ኣደታትኩምን ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን'ከ ኣይትዝክርዎም'ዶ? ስጋብ መኣስ'ከ ብስርዓት ህግደፍ ተታሊልኩም ክትነብሩ ኢኹም?

ፍትሕን ራህዋን ንህብና

ኣድሓኖም ፍትዊ

Comment: fitiwi@planet.nl